ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ جبهة الإنقاذ الوطني الإريترية

Eritrean National Salvation Front

## <u>ዜና</u>

## <u>ሱዳናዊ ዜጋ ኣብ ኤርትራዊ ሕቡእ ቤት ማእሰርቲ ዓሪፉ፥</u>

ኣሰይድ/ ማእሙን ሙዓዝ ደርዊሽ ዝተባህለ ሱዳናዊ ዜጋ ድሕሪ ሸውዓተ ዓመታት ማእሰርቲ ኣብ ኣስመራ ኣብ ጨካን ሕቡእ ቤት ማኣሰርቲ ስርዓት ህገድፍ ከም ዝዕረፈ ዕለት 5 ሰነ 2008 መርበብ ሓበሬታ ዓዶሊ ኣብ ዝዘርግርሖ ዜና ገሊጹ። ስድራ-ቤት መዋቲ ካብ መንግስቲ ኤርትራ ብዛዕባ ምኽንያት ምሟቱ ዝተዋህቦም ሓበሬታ ከም ዘሎን፣ ህዝቢ ከሰላ ብዛዕባ'ዚ ተረኺቦ'ዚ ምስ ሰመዐ ኣዝዩ ከም ዝሰንበደን ብዓሚቕ ከም ዝሓዘነን እቲ ዝተጠቕሰ ምንጪ ገሊጹ።

ማእሙን ሙዓዝ ካብ ደቂ ከሰላን ካብ ነዊሕ ጊዜ ዓርኪ ህዝቢ ኤርትራን ሰውራኡን ስለ ዝነበረ፣ ብድሕሪ ምሕራር ኤርትራ ጊዝያዊ መንግስቲ ኤርትራ(ህግሓኤ) ከም ክብሪ፣ ተሴራ(ብጣቃ) ኤርትራ ህብዎ ከም ዝነበረን ኣብ ቀዳማይ ምዕራፍ ወለንታዊ ምምላስ ስደተኛታት ከም ካመራ-ማን ኮይኑ ስእልታት ተመለስቲ ኣብ ምልዓል ዝዓየየን፣ ብድሕሪኡ ካብ-ናብ ኣስመራ-ከሰላ ኣብ ንግዳዊ ንጥፈታቱ ከም ተዋፍውፈረን፣ ከምኡ'ውን ካብ ቋንቋታት ኤርትራ ትግርኛን ካልኦት ቋንቋታትን ኣዐሪዩ ይመልኽ ከም ዝነበረ ዓዶሊስ ጠቒሱ።

ከባቢ ቤት ስድራቤት መዋቲ ጽንዓት ይሃብኩም ኪብሉ ብዚመጹ ኣዝማድን ኣዕሩኽን እዚ ወረ'ዚ ብዘሰንበዶም ካልኦት ፈተውትን( ሱዳናውያንን ኤርትራውያንን ) ከም ዘዕለቕለቐ ገሊጹ። ብተወሳኺ ኣብ ሕባኣት ኤርትራዊ ቤት ማእሰርቲ ልዕሊ 10 እሱራት ሱዳናውያ ከም ዝርከቡ ምንጪ መርበብ ዓዶሊስ ገሊጹ።

ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን ግሃድኤ
7 ሰነ 2008